# በይናዊ ጸዊዒት ኣርቲክል 19 (Article 19) ንናይ ሕቡራት ሃገራት (ሕ.ሃ) ናይ ኤርትራ ኣድማሳዊ ወቕታዊ ግምገማ (ኣ.ወ.ግ)

እዚ ሰነድ እዚ ኣብ መበል 18 ኣኼባ ናይ ሕ.ሃ ናይ ስራሕ ጕጅለ ኣብ ጥሪ/ለካቲት 2014 ክርአ እዩ።

24 ሰነ 2013

## ጽማቕ ትሕዝቶ

1. ኣብዚ ጽዊዒትእዚ፡ ንሓሳብካ ናይ ምግላጽ ናጽነት ብዝምልከት፡ ድሕሪ ናይ 2009 ኣድማሳዊ ወቕታዊ ግምገማ፡ ኤርትራ ንዘለዋ ግዴታት ምኽባር ኣህጉራዊ ሰብኣዊ መሰላት ዝተማእዘዘት ምኳናን ዘይምኳናን እርቲክል 19 (Article 19)ትግምግም።

2. ብቐጥታ ንመሰል ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ናጽነት ብዝምልከት፣ ጕጅለ ስራሕ ወቕታዊ ኣድማሳዊ ግምገማ ንኤርትራ 9 ለበዋታት ኣቕሪቡላ ነይሩ። ግን ኩሎም እቶም ዝቐረቡ ለበዋታት ብኤርትራ ተቐባልነት ኣይረኸቡን። ብኣንጻሩ እኳ ድኣ ካብ 2009 ንድሓር ኵነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ እንዳባኣሰ መጺኡ። እዚ ሰነድ እዚ ከኣ ነዞም ዝስዕቡ ዋና ጕዳያት ክምርምር እዩ፦
   - ❖ ምስ ኣህጉራውን ዞባውን ናይ ሰብኣዊ መሰላት ስርዓት- ኣሰራርሓ (Mechanisms) ዘይምትሕብባር፣
   - ❖ ኵነታት ቅዋም 1997ን ኵነተ ህጹጽ ድንጋገ ሓደጋን
   - ❖ ንመሰል ናጽነት ሓሳብካ ምግላጽ ዝድርቱ ሃገራዊ ሕግታት፣
   - ❖ ኣብ ልዕሊ ናጽነት ሓሳብካ ምግላጽ ዝበጽሑ ዝተፋላለዩ መጥቃዕትታትን ምእሳር ጋዜጠኛታትን፡
   - ❖ ትሑት ዝርጋሐ ኢንተርነትን (ኢለክትሪካዊ መርበብ ሓበሬታ) ስእነት ኣማሪጺ ምንጭታት ሓበሬታን።

## ምስ ኣህጉራውን ዞባውን ሰብኣዊ መሰላት ስርዓት - ኣሳራርሓ (Mechanisms) ዘይምትሕብባር

3. መንግስቲ ኤርትራ ንኣህጉራዊ ውዕል ብርጌሳውን ፖለቲካውን (ICCPR) መሰላት ንምትግባር ዝወሰዶም ስጉምታት ብዝምልከት ቀዳማይ ጸብጻቡ ናብ ሽማግለ ሰብኣዊ መሰላት ካብ ምቕራብ በዅሩ ይርከብ። ኤርትራ ብ 22 ጥሪ 2002 ኣካል ኣሕጉራዊ ዉዕል በርጌሳውን ፖለቲካውን መሰላት ኮይና። ቀዳማይ ጸብጻባ ከኣ ን 22 ሚያዝያ 2003 ክቐርብ ነይሩዎ። ኤርትራ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ኣድማሳዊ ወቕታዊ ግምገማ ንተወሳኺ ቅጥዒ ኣሕጉራዊ ዉዕል በርጌሳውን ፖሊቲካውን መሰላት ንክትፍርመሉን ከተጽድቕን ዝቐረበላ ለበዋታት ብምንጻግ ክሳብ ሕጂ ኣይፈረመትሉን፡ ኣየጽደቐቶን 'ውን።

4. ኣብ ዝሓለፈ ወቕታዊ ኣድማሳዊ ግምገማ፡ መንግስቲ ኤርትራ ካብ ናይ ሕ.ሃ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ፍሉያት ቅጥዕታትን (Special Procedures) ኣኪብቲ ጸብጻብን (Special Rapporteurs) ናብ ኤርትራ ንምጻሕ ንዝቐረበሉ ጠለባት ጕዳይ - ብጕዳይ ብምርኣይ ኣብ ግምት ከምዘእትዎ ገሊጹ ነይሩ። ይኹን እምበር ንናይ ሕ.ሃ ፍልይቲ ኣካቢት ጸብጻብ ኣብ ኵነታት ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ፡ ወይዘሮ ሽይላ ኪታሩዝ ንኤርትራ ንክትበጽሕ ምዕዳማ ኣብዩን ምስ ቤት ጽሕፈታ ምትሕብባር ኣብዩን። ብተወሳኺ ፍራንክ ላ ሩ፡ ፍሉይ ኣካቢ ጸብጻብ (Special Rapporteur) መሰል ናጽነት ርእይቶን ሓሳብካ ምግላጽን፡ ናብ ኤርትራ ወግዓዊ ምብጻሕ ንምግባር ንዘቕረቦ ጠለብ መንግስቲ ኤርትራ ክሳብ ሕጂ መልሲ ኣይሃበሉን።

5. ከምኡ ከኣ ኮሚሽን ሰብኣውን ህዝብን መሰላት ኣፍሪቃ (African Commission on Human and People's Rights (ACHPR) ንክልተ ዉሳነታት ኣመልኪቱ ዘሕለፎም ለበዋታት፡ መንግስቲ ኤርትራ ካብ ምቕባሎም ወይ ካብ ምትግባሮም በኹሩ ይርካብ።
    - ዉሳነ ቍ.275 ኣርቲክል 19/ኤርትራ፡ 2003 (Comminication No. 275 Article 19/ Eritrea 2003): ኣብ'ዚ ዉሳነ'ዚ ኮሚሽን ሰብኣውን ህዝብን መሰላት ኣፍሪቃ (ACHPR) ብውሕዱ 18 ዝኾኑ ጋዜጠኛታትን 11 ሰበስልጣን መንግስቲ ነበርን ምስ ሰባት ብዘይራኽብሉ መንግድን ብዘይ ፍርዲ ምሕያሮምን፡ ኣልማማ ምእጋድ ናይ ብሕቲ ፕረስን (ዓንቀጽ 9 ቻርተር ሰብኣውን ህዝብን መሰላት ኣፍሪቃ)፡ ምግሃስ መሰል ናጽነት ሓሳብካ ምግላጽን ካልኦት ሓያሎይ ናይ መሰላት ዉዕላትን ምዃኑ ኮሚሽን ሰብኣውን ህዝብን መሰላት ኣፍሪቃ ኣረጋጊጹ።
    - ዉሳነ ቍ. 250፡ 2002 ሌስቤት ዘግቨልድን ሙሴ ኤርፍሬምን/ኤርትራ (Comminication no. 250, 2002 Liesbeth and Mussie Ephrem/Eritrea)፣ ኣብዚ ዉሳነ እዚ ኮሚሽን ሰብኣውን ህዝብን መሰላት ኣፍሪቃ (ACHPR) ብምስምስ ህጹጽ ድንጋገ ሓደጋ ወይ ፍሉይ ኵነታት፡ መሰል ናጽነት ሓሳብካ ምግላጽ ክጠሓስ ከምዘይክኣል ኣረጋጊጹ። ከምኡ ድማ ነቶም 11 ሰበስልጣን መንግስቲ ነበር ምስ ሰባት ብዘይራኽብሉ መንግዲ ብዘይክሲ ኮነ ብዘይፍርዲ ምእሳሮም ምግሃስ መሰል ናጽነት ሓሳብካ ምግላጽን፣ መሰል ሓርነትን፣ መሰል ርትዓዊ ፍርድን ምዃኑ ተረጋጊጹ።

## ኵነታት ቅዋም 1997ን ኵነተ ህጹጽ ድንጋገ ሓደጋን

6. ቀጺሉ ዘሎ ኵነተ ህጹጽ ናይ ሓደጋ ድንጋገ ብምምኽናይ፡ ኵነታት ትግባረ ቅዋም 1997 እንታይ ከምዝኾውን ኣይተነጸረን ዘሎ።

7. ንኣድማሳዊ ወቕታዊ ግምገማ 2009 ስዒቡ፣ ቅዋም 1997 ላዕለዋይ ሕጊ ሃገር ምዃኑን መንግስቲ የተግብሮ ምህላዉን፣ እዚ ድማ ምክያድ ዲሞክራስያዊ ምርጫ ኣብ ደረጃ ከባብን፡ ንኡስ ዞባን፡ ዞባን ዘጣቓልል ምዃኑ መንግስቲ ኣግንዚቡ። እቲ ዘሎ ሓደጋ ንሃገራዊ ጸጥታን ንልኡላውነት ሃገርን ብዘየዋላውል መንገዲ ኣብዝእለየሉ እዋን ከኣ ሃገራዊ ምርጫ ከካይድ ምዃኑ ቃል ኣትዩ።

8. ይኹን እምበር ስክፍታታት ሃገራዊ ጽጥታ ብምጥቃም ምእጋድ ምክያድ ሃገራዊ ምርጫን ኮነታት ቅዋም 1997ን፡ ንሱ ሕዝዎም ዘሎ እኩባት መሰላትን ብዘይንጹር ክነታት ምሕዝን ቀጺሉ ኣሎ።

## ንመሰል ናጽነት ሓሳብካ ምግላጽ ዝድርቱ ሃገራዊ ሕግታት

9. ኣብ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ኣድማሳዊ ወቕታዊ ግምገማ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ምስ ክብርታትን፣ ልምድታትን፣ ባህላዊ ኣሰራርሓን፣ ሃገራዊ ረብሓብታት ኤርትራ ተሳንዮም ዝኸዱ ሕጊ ፕረስን መቈጻጸርን ንምምዕባል ክሰርሕ ምዃኑ ቃል ኣትዩ። ይኹን እምበር ክሳብ ሕጂ ዝተገብረ ናይ ሚድያ ሕጊ ጽገናን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኤርትራዝነጥፍ ነጻ ወይ ብብሕቲ ዝዉነን ፕረስ የለን።

10. ኣዋጅ ፕረስ ቊ.90/1996 ገና ኣብ ምቊጽጻር ሞያዊ ጋዜጠኝነትን ስርሓት መራኸቢ ሓፋሽ ኣብ ኤርትራን ይርከብ። እቲ እዋጅ ንምክልኻል/ምጥባቕ ናጽነት ሓሳብካ ምግላጽን ምውሓስ ኣንጻር ሳንሱርን ዝወጸ ምዃኑ እኳ እንተገለጸ፡ ብዙሓት ዓንቀጻት ናይቲ ኣዋጅ ኣንጻር እቶም ብኣህጉራዊ መለክዕታት ቅቡላት ዝኾኑ ናጽነት ሓሳብካ ምግላጽ ዝቕሙ እዮም፡ እዝኦም ከአ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ፦
   - እቲ ኣዋጅ ዓንቃጺ መግለጺ ናይ ጋዛጠኛ ተጠቒሙን ንጋዜጠኛታት ከአ ምስ መንግስቲ ክምዝገቡ የገድድ (ዓንቀጽ 3)፣
   - መንግስቲ ሚድያ ንክዉንን መሰል ተዋህብዎን (ዓንቀጽ 4(3)) ናይ ረድዮን ተለቭዥንን ፈነወ ንክግብት ጐንያ ተወሂብዎን (ዓንቀጽ 4(1) (መ))፣
   - ብኹናት ኮነ ህዝባዊ ተቓውሞ ወይ  ህዝባዊ ስርዓት ኣልቦነት ወይ ብባህርያዊ ሓደጋ፡ ንህዝባዊ ስርዓት፡ ጸጥታ፡ ሓፈሻዊ ሰላምን ሃገር ኮነ ክፋል ሃገር ዘስግእ ሓደጋ ምስ ዘገጥም፡ ስልጣን ምስራዝ ፕረስ ዘጠቓልለ፡ ኣልማማ ምጥሓስ መሰል ናጽነት ሓሳብካ ምግላጽ ይህብ (ዓንቀጽ 4(1)(ሐ))።
   - መንግስቲ ዕላማታት ፕረስ ይእዝዝ (ዓንቀጽ 4(2))። " ኣካላት መንግስቲ ንዝህብኦ መፍትሒ ሓሳባት ንምንጻር ሓገዝቲ ዝኾኑ ኣወንታዊ ኣበርክቶ ብምግባር" ፕረስ "ሃገራዊ ዕላማታት ክዉን ንምግባርን" ህዝባዊ ቊጽጽርን" ሃናጺ ንቕፈታን" ንክማዕብል ክሰርሕ ይግደድ (ዓንቀጽ 4(2)(ሰ)። ሚድያ" ሃገራዊ ያታ" ንክህብትምን ከዕሙቕን "ሃገራዊ ሓድነት ንምርግጋጽ ክሰርሕን" ትጽቢት ይግበረሉ (ዓንቀጽ 4(2)(መ)።
   - ጋዜጠኛታት "ሓበሬታ ከየዘንብዑ" ወይ "ዘይተጻረየ ሓበሬታ ከይዘርግሑ"፣ ከምኡ'ውን ሰፋሕትን ዘይተገልጹን ኣምራት ከይጥሕሱን ይግደዱ። እቶም ሰፋሕትን ዘይተገልጹን ኣምራት፡ "ላዕለዋይ ሃገራዊ ረብሓታት"፡ "ምክፍፋል"፡ "ግርጭት" የጠቓልሉ (ዓንቀጽ 5(2))።
   - ጋዜጠታት ንምሕታም ንመንግስቲ ፍቓድ ምሕታት የድሊ (ዓንቀጽ 7(2)፡ ዓንቀጽ 9)። ወላ'ኳ ናብ ቤት ፍርዲ ናይ ኣግባይ መሰል እንተሃለወ፣ መንግስቲ ነቶም ፍቓድ ዝሓቱ ምሉእ ፍቓድ ናይ ምኽላእ ናጽነት ተዋሂብዎ ኣሎ። ፍቓድ መኽልኢ መንኽንያት ክህብ ከአ ኣይግደድን እዩ (ዓንቀጽ 7(3))፣
   - ስነ-ጥበባዊ ኣቕሑ ወይ ፍርያት ከም በዓል፦ ፊልምታት፡ ሲነማ፡ ካሴታት ቴፕ ወይ ካሴታት ቪድዮ ብዘይፍቓድ ካብ ሚኒስትሪ ካብ ደገ ናብ ሃገር ምእታው ወይ ሰደድ፡ ምክራይ፡ ምሻጥ፡ ንምርኢት ምቕራብ ወይ ምዝርጋሕ ክልኩል እዩ (ዓንቀጽ 8)፣

- ❖ ካብ ኤርትራ ወጻኢ ዝመደበሮም ወጻእተኛታት ናይ ጋዜጣታት ልኢኻት ካብ ሚኒስትሪ ዜና ፍቓድ ክህልዎም ይግደዱ። እዚ ከኣ ሚኒስትሪ ዜና ዘለዎ ናይ ምንጻግ ናጽነት ተጠቒሙ ብቕጥታ ፍቓድ ክኸልኦም ይኽእል (ዓንቀጽ 9)፣
- ❖ ዝኾነት ጋዜጣ ኣብ ኤርትራ ክትሰርሕ ፍቓድ ዝተዋባ፡ ብዘይክፍሊት ካብ ነፍሲ ወከፍ ሕታም 2 ቅዳሕ ንሚስትሪ ዜና ክትህብ ትግደድ (ዓንቀጽ 13)፣
- ❖ ፕረስ ኣብ ክዝርግሖም ዘኽእል ጒዳያት ሰፊሕ ዝኾነ ናይ ትሕዝቶ ገደብ  ተነቢሩ ኣሎ (ክፋል V)፣ እዚ ከኣ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፦ "ዝኾነ ዛዕባ ሰብኣውን ሃይማኖታውን እምነታት ዘናሹን ዘቈናጽብን"፣ "ቈጠባዊ ኵነታት ንምጽላውን፣ ናዕብን ድንግርግር ንምፍጣርን ሓፈሻዊ ሰላም ንምዝራግን ኮነ ኢልካ ዘይቅኑዕ ሓበሬታን ዜናን ምዝርጋሕ"፣ "ቅርጽታትን፡ ምስልታትን፡ ካርታትን መሬት ኣርትራ"፣ "ዝኾነ ሰነድ ወይ ምስጥራዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ላዕለዋይ ረብሓታት ሃገርን ህዝብን"፣ "ሃይማኖታውን ትሕት ሃገራውን ፍልልያት፡ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኤርትራ ምክፍፋልን ባእስን፣ ንናይ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ቃልሲ ያታ ንምቊንጻብ ዝድርኽ መንፈስ" ዘለዓዕል ሓበሬታ የጠቓልል።
- ❖ "ንዘይቅኑዕ ዜና ወይ ሓበሬታ" ምምላስ መሰል ዘይህባ ጋዜጣታት ብገንዘብ ክቕጽዓ ይእዝዝ (ዓንቀጽ 15(7))፣
- ❖ ናይ ውጻኢ ወፍሪ ኣብ ሚድያ ክልኩል እዩ (ዓንቀጽ 7(8))።

11. ገበናዊ ሕጊ፡ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ንናጽነት ሓሳብካ ምግላጽ ዝድርት ትሕዝቶ መሰረት ዝገበረ ሰፊሕ ገደብ ይሓቝፍ፦
    - ❖ ኣብ ትሕቲ ዓንቀጻት 580 (1)ን 580(2)ን ጸለመን ጠቕነን ከም ወንጀል ተታሕዞም ኣለዉ። ከምኡ'ውን ዓንቀጽ 580 (3) "ናይ ጸርፊ ባህርያት ወይ ቊጥዐ" ብዘይንጹር መከላኸሊ ገበናዊ በደል ይገብሮ። ኣብ ዕላማ ናይቶም ፈጸምቲ መሰረት ዝገበረ ከኣ ናይ ገንዘብ መቕጻዕትን ካብ ሓደ ክሳብ ሽዱሽተ ወርሒ ዝጸንሕ ማእሰርትን የጠቓልል። ሓደ ሰራሕተኛ መንግስቲ ኣብ መስርሕ ምፍጻም ግቡኣቱ ኣንጻር ክብሩ ወይ ዝንኡ ዝቐንዐ በደል ምስ ዝፍጸም፡ ዓንቀጽ 586 ከቢድ ፍርዲ ክወሃብ የፍቅድ። ብተወሳኺ ኣብ ልዕሊ እቶም ዘለዉ ሓፈሻዊ ንጸለመ ዝምልከቱ ዓንቀጻት፡ ዓንቀጽ 256 ብፍሉይ ነቲ "ሃጸይ" ወይ ቅዋማዊ በዓል መዚታት ካብ "መጒዳእቲ" "ይካላኸል"፣
    - ❖ ሰፋሕቲ ዓንቀጻት ብዛዕባ ክድዓትን ሃገርን፦ "ክብ ዝበለ ክድዓትን" (ዓንቀጽ 261)፣ "መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ናጽነት ሃገርን" (ዓንቀጽ 259)፣ "ምልማስ ናይ ሃገር ምክልኻል ዓቕሚ" (ዓንቀጽ 260) የጠቓልሉ። እዞም ዓንቀጻት እዝኦም መንግስቲ ካብቶም ናይ ተቓውሞ ድምጺ ንምዕባስን ንመንግስቲ ካብ ነቐፌታ ንምሕላውን ዝጥቀመሎም ዓንቀጻት እዮም።

12. ዓንቀጽ 7 ናይ'ቲ ንምምሕዳር ዘይመንግስታውያን ዉድባት ዝወጸ ኣዋጅ ቊ145/2005 "ናይ ነፍሲ ወከፍ ዘይመንግስታውያን ዉድባት ንጥፈታት ኣብ ስርሓት ረድኤትን ሕውየትን ንክድረት ይውስን"። ኩሎም ስርሓት ምስ ዝምልከቶ ናይ መንግስቲ ሚኒስትሪ ሓቢሮም ክሰርሑን ኣቐድሞም ፍቓድ ክረኽቡን ከኣ ኣለዎም። እቲ ኣዋጅ ዘይመንግስታውያን ዉድባት ክሰርሓሎም ዝእኽላ ጒዳያት ናይ ምእዛዝ ስምብራት ዘለዎ ኮይኑ፣ ንምጥባቕ ሰብኣዊ መሰላትን ንናይ ተቓውሞ ፖለቲካዊ ንጥፈታትን ዘይሕጋዊ ዝገብር እዩ።

**መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ናጽነት ሓሳብካ ምግላጽን  ምሕያር ጋዜጠኛታትን**

13. ኣብ'ቲ ንዕኡ ንምግምጋም ዝተገብረ ግምገማ፡ ኣብ ዝሓለፈ ኣድማሳዊ ወቕታዊ ግምገማ፡ ተኣሲሮም ንዝርከቡ ጋዜጠኛታት ንምልቃቕ መንግስቲ ኤርትራ ዝኾነ ይኹን ዝኣተዎ ቃል ኣይነበረን። ከምኡ'ውን ብዛዕባ ጽሕፍቶ ኣብ ማሕዩር ዝርከቡ ጋዜጠኛታትን ተጣበቕቲ ሰብኣብዊ መሰላትን ንዝቀረብሉ ሕቶታት መልሲ ኣይሃበን።

14. ብ 2001 ሃገራዊ ጽጥታ ብምምስማስ ዝተኣስሩ 18 ጋዜጠኛታትን 11 ሰበስልጣን መንግስቲ ነበርን (ኣካል ናይ'ቲ ብእኩብ፡ ብጕጅለ 15 ዝፍለጥ ጕጅለ፡ ጕጅለ 15) ክሳብ ሕጂ ኵነታቶምን ዝርከብሉ ቦታን ብዕሊ ኣይተፈልጠን።

15. ብነሓሰ 2012፡ 8 ካብቶም ጋዜጠኛታት ኣብ ማሕዩር ከምዝሙቱ ተወርዩ ነይሩ። ንሳቶም ,ከኣ፦ ዳዊት ሃብተሚካኤል፡ ማትዎስ ሃብትኣብ፡ ተመስገን ገብረየሱስ፡ ዩሱፍ መሓመድ ዓሊ፡ መድሃኔ ሃይለ፡ ሳህለ ጸጋዝኣብ፡ ሰይድ ዓብደልቃድር፡ ፍሳሃየ ዮውሃንስ እዮም። ስዩም ጸሃየን፡ ኣማኑኤል ኣስራትን፡ ተመስገን ገብረየሱስን ከኣ ገና ብህወት ከምዘለዉ ይውረ።

16. ዳዊት ኢሳቕ፡ ሓደ ካብቶም ኣብ 2001 ኣብ ልዕሊ ናጻ ሚድያ ዝተገብረ ናይ ማእሰርቲ ዘመተ ዝተኣስረ፡ ኣብ ትሕቲ ሕማቕ ናይ ኣእምሮን ኣካልን ኵነታት ጥዕና ገና ኣብ ማሕዩር ይርከብ። ጠበቓታቱ ንጕዳዩ ናብ ኮሚሽን ሰብኣውን ህዝብን መሰላት ኣፍሪቃ (ACHPR) ኣቕሪቦሞ ኣለዉ።

17. ኣብ ለካቲት 2009 መንግስቲ ንረድዮ ባና ብምዕጻው፡ ኣውኡ ንዝሰርሑ 38 ጋዜጠኛታት ከኣ ኣሲሩ። ብዛዕባ ኵነታቶም ከኣ ዝፍለጥ ነገር የለን።

18. ቍሩብ መዓልታት ድሕሪ ምእሳር ጋዜጠኛታት ረድዮ ባና፡ እዞም ዝስዕቡ ሰባት ተኣሲሮም፦ ጋዜጠኛ ኤሪ-ቲቪ፡ ኢሳቕ ኣብራሃም፡ ፣ ግርማይ ኣብራሃም፡ ካብ ድምጺ ሓፋሽ፣ ጋዜጠኛ፡ ጸሓፍን ኣስተርጓምን ሙሉብርሃን ሃብተገብርኤል፡ ፣ መንእሰይ ጸሓፋይን ገጣማይን መለስ ንጉሰ፣ ገጣማይ ጸጋይ (ተመርያ)፣ ጸሓፋይ ዘመንፈስ ሃይለ፣ ጸሓፋይን ገጣማይን ጸጥሮስ ተፈሪ (ወዲ ቀሺ)፣ ተስፋገርጊስ ሃብተ፣ ኣብ ናይ መንግስቲ ሚድያ ጋዜጠኛ ዝነበረ፡ ነጋሲ ሃብተማርያም፣ ጋዜጠኛ ረድዮ ባና፡ መሓመድ ዓሊ ዳፍላ፣ ጋዜጠኛን ሓላፊ ጨንፈር ትግረ ኣብ ረድዮ ባና፡ ህቡብ ገጣማይ ኣብ ህዝቢ ትግረ፡ መሓመድ ሰይድ ዑስማን እዮም። ኣበየናይ ቦታ ተሓዩሮም ከምዘለዉ ዝፍጥ ነገር የለን።

19. ኣብ ልዕሊ ጋዜጠኛታትን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ዘናጻጸረ ማእሰርቲ ካብ 2009 ክሳብ ሕጂ ብዘይተሓታትነት ቀጺሉ ምህላዉ ኣርቲክል 19 (Article 19) ተገንዚብዎ ኣሎ፦

- ኣብ ለካቲት 2011፡ ጋዜጠኛታት ረድዮ፦ ነቢል ኢድሪስ፡ ኣሕመድ ዑስማን፡ መሓመድ ዑስማንን ተኣሲሮም፣
- ኣብ ብመንግስቲ ዝዉነና ረድዮ ድምጺ ሓፋሽን ኤሪ-ቲቪን ጸብጻብ ስፖርት ዘቕርብ ዝነበረ ተስፋልደት "ቶፖ" መብራህቱ ኣብ መወዳእታ መጋቢት 2011 ተኣሲሩ።
- ተነጺላ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ማይ ስርዋ ተኣሲራ ከምዝነበረት ዝውረየላ ጋዜጣኛ ረድዮ ባና፡ ይርጋኣለም ፍሳሃ መብራቱ ድሕሪ 10 ኣዋርሕ ኣብ ማእሰርቲ ምጽናሓ ኣብ

መጅመርታ 2012 ኣዝማዳ ከም ዋሕስ ብምኳን "ብዋሕስ ካብ ማእሰርቲ ተለቒቓ"። መሳርሕታ በረኸት ምስግናን (ወዲ ምስግና) ባሲሎስ ዘሞን (ወዲ ዘሞ) ገና ኣብ ማሕዩር ይርከቡ።

20. ናይ ወጻኢ ሚድያ ተጋፊዑን ፈነውኡ ተዓጽዩን። ነቲ ፈተነ ዕልዋ እዩ ነይሩ ተባሂሉ ዝተኣምነሉ፡ ናይ 21 ጥሪ 2013፡ ንሚስትሪ ዜና ዝተቓጻጸረ ስርሒት ዝፈጸሙ ወተሃደራት ንምድጋፍን ንመንግስቲ ንምቅዋምን ብኣብ ስደት ዝቕመጡ ኤርትራውያን ኣብ ኣፍደገታት ዲፕሎማስያዊ ተልእኾታት ኤርትራ ዝተገብረ ሰለማዊ ሰልፍታት ጸብጻብ ብምቕራብ፡ መርበብ ተለቭዥን ኣልጀዚራ ብ 5 ለካቲት 2013 ን 11 መዓልታት ተዓጊታ።

21. ንኣብ ዉሽጢ ሃገርን ወጻእን ዝቕመጡ ኤርትራውያን ፈነወ ዘመሓላልፍ፡ ኣብ ፓሪስ ዝመደበሩ፡ ናይ ሳታላይት መደበር ረድዮ፡ ረድዮ ኤሬና፡ "ግዳይ መጥቃዕቲ" ብምኳን ፈነውኡ ብኣገልግሎት ረድዮን ተለቭዥንን ሳታላይት ዓረብሳት ከይምሓላለፍ ብ 5 መስከረም 2012 ተዓጊቱ ን 3 ሰሙን ከኣ ጸኒሑ። ኣቐዲሙ ብ 14 ነሓሰ፡ ረድዮ ኤረና ተዓጊቱ ነይሩ እዩ። እንተኾነ ብ 2 መስከረም ተኸፊቱ።

22. ብ 28 ነሓሰ 2012፡ ኢለክትሮኒካዊ መርበብ ሓበሬታ ረድዮ ኤሬና ዕላማ ናይ ሳይበር መጥቃዕቲ ኮይና።

## ትሑት ደረጃ ዝርጋሐ ኢንተርነትን ምርካብ ኣማራጺ ምንጪ ሓበሬታን

23. ትሑት ደረጃ ዝርጋሐ ኢንተርነትን ስእነት ትሕተ-ቅርጺ መራኸቢታትን ንምርግጋጽ መሰል ናጽነት ሓሳብካ ምግላጽን ሓበሬታን ኣዚዩ ዓንቃፊ ኮይኑ ኣሎ፣ ንምዕባለ ሚድያ እዉን ይዕንቅፍ።

24. ኣብ ዓለም፡ ኤርትራ ካብተን ዝተሓተ ተጠቀምቲ ኢንተርነት ዘለወን ሃገራት እያ፣ ዝርግሐ ተንቀሳቓሽን ቀዋምን ተለፎን ኣብ ኤርትራ 5% እዩ፣ 6.2% ካብ ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ እዩ ከኣ ኢንተርነት ዝጥቀም።

## <u>ለበዋታት</u>

ነዞም ስክፍታት እዚኦም ምላሽ ንምሃብ፡ ኣርቲክል 19 (Article 19)፡ ኣባል ሃገራት ንጹርን ሓያልን ዝኾነ ለበዋታት ንመንግስቲ ኤርትራ ከቕርባሉ ይጽዉዕ፣ እቶም ለበዋታት ከኣ፦

## ምስ ኣህጉራውን ዞባውን ሰብኣዊ መሰላት ስርዓት - ኣሳራርሓ (Mechanisms) ዘይምትሕብባር

- ንምትግባር ኣህጉራዊ ውዕል በርጌሳውን ፖሊቲካውን መሰላት ኣመልክቱ ዝወሰዶም ስጉምትታት ንሽማግለ ሰብኣዊ መሰላት ቀዳማይ ጸብጻቡ ከቕርብ፣

- ንተወሳኺ ቅጥዒ ኣህጉራዊ ውዕል በርጌሳውን ፖለቲካውን መሰላት ንከጽድቕ፣
- ንኩሎም ናይ ሕቡራት ሃገራት ፍሉያት ሰብመዚ ቀዋሚ ዕድመ ምሃብን ምስኦም ናይ ምትሕብባር ጽምዶ ምእታውን፣ ብፍላይ ከኣ ምስ ፍልይቲ ኣካቢት ጸብጻብ ኵነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ፡ ወይዘሮ ሽይላ ኪታሩዝን ምስ'ቲ ናብ ኤርትራ ንምብጻሕ ብተዳጋጋሚ ዘቕረቦ ጠለባቱ ምላሽ ዘይረኸበ፡ ፍሉይ ኣካቢ ጸብጻብ ኵነታት መሰል ናጽነት ርእይቶን ሓሳብካ ምግላጽን፡ ፍራንክ ላ ሩን፣
- ምትግባር ዉሳነታት ኮሚሽን ኣፍሪቃ፡ ጉዳያት ዉሳነ ቍ.275/2003 ኣርቲክል 19/ኤርትራ (Communication No.275/2003 Article 19/Eritrea)፣ዉሳነ ቍ.250/2002 ሌስቤት ዘግቨልድን ሙሴ ኤፍሬምን/ኤርትራ (Communication No.250/2002 Liesbeth zegveld and Mussie Ephrem/Eritrea)።

## ኵነታት ቅዋም 1997ን ኵነተ ህጹጽ ድንጋገ ሓደጋን

- ምዝርጋሕ ቅዋም 1997ን ምርግጋጽ ምብቃዕ ኵነተ ህጹጽ ድንጋገ ሓደጋን።

## ናጽነት ሓሳብካ ምግላጽ ዝድርቱ ሃገራዊ ሕግታት

- ምስራዝ ኣዋጅ ፕረስ ቍ. 90/1996ን ንናጻን ብዙሕነት ዘለዎ ሚድያ ምቹእ ሃዋሁው ዝፈጥር ሰፊ ጽገና ምግባርን፣
- ገበናዊ ሕጊ ሓቍፍዎም ዘሎ በደላት ገበናዊ ጸለመን ጠቐነን፣ ናይ ጸርፊ ባህርያትን ቍጥዐን፣ ከምኡውን ልዑል ምክልኻል ንሰበስልጣን መንግስቲ ዝህቡ ዓንቀጻት ምስራዝ፣
- ንሃገራዊ ጸጥታ ዝምልከቱ ዓንቀጻት ገበናዊ ሕጊ ምእንቲ ምስ ኣህጉራዊ መለክዕታት ናጽነት ሓሳብካ ምግላጽ ተማእዚዞም ክኸዱ ጽገና ክግበረሎም፣
- ኣብ ልዕሊ ስርሓት ምስፍሕፋሕን ምክልኻልን ሰብኣዊ መሰላት ዘይመንግስታውያን ዉድባት ተነቢሩ ዘሎ ቀይድታት ንክልዓል፡ ንምምሕዳር ዘይመንግስታውያን ዉድባት ዝወጸ ኣዋጅ ምትዕርራይ።

## ኣብ ልዕሊ ናጽነት ሓሳብካ ምግላጽ ዝብጽሕ መጥቃዕታትን ምሕያር ጋዜጠኛታትን

- ኣብ ማሕዩር ዝርከቡ ጋዜጠኛታትን ሰበስልጣን መንግስቲ ነበርን ብዘይቅድመ ኵነት ክልቀቑን ካብ ናይ ናጽነት ሓሳብካ ምግላጽ መሰሎም ብምሕራሞምን ብሃውሪ ንነዊሕ እዋን ብምሕያሮምን ካሕሳ ክወሃቦም፣
- ምርግጋጽ ናይ እስራት ኣስማትን፡ ቦታን፡ ኵነታት ጥዕንኦምን ናይ ኣብ ማሕዩር ዘጋጠመ ሞትን። ዝኾነ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘጋጠመ ሞት ብቕልጡፍን ነጻን ብኣድማዕነትን ምምርምርን ንስድራቤት ግዳያት ካሕሳ ምሃብን፣
- ምስ ሰላማዊ ንጥፈታቶም፡ እንተላይ ምጥቃም ሕጋዊ መሰሎም፡ መሰል ናጽነት ሓሳብካ ምግላጽን ብዝተሓሓዘ፡ መንግስቲ ንጸሓፍቲ፡ ጋዜጠኛታት፡ ናይ ኢንተርነት ጸሓፍቲ፡ ፖሊቲካዊ ተጣበቕትን ካልኦት ተጣበቕቲ ሰብኣብዊ መሰላትን ካብ ምግፋዕ፡ ምፍርራሕ፡ ምውንጃልን ምእሳርን ክቍጠብ፣
- ኣብ ልዕሊ ናይ ዜና መርበብ ሓበሬታ ዝቐንዐ ናይ ሳይበር መጥቃዕቲ ምሉእ-ብምሉእን፡ ብኣድማዕነትን ብቕልጡፍን ክምርመርን ፈጸምቱ ኣብ ፍርዲ ክቐርቡን።

**ደረጃ ዝርግሐ ኢንተርነትን ምርካብ ኣምራጺ ምንጪ ሓበሬታን**

- እንተላይ ስትራተጂ ምምዕበል ትሕት-ቅርጺ ተለኮሚኒከሽን ዘጠቓለለ፡ ኩሉ ህዝቢ ክረኽቦ ዝኽእል ኣቕራቦት ኢንተርነት ከዛይድ ዝኽእል ናይ ኣተገባብራ ውጥን ምርዓም።